# ናይ ምክልኻል መምርሒታት:
## ብካርቦን ሞኖክሳይድ ካብ ምቅላዕ ክትከላኸሉ ትኽእሉ ኢኹም

- እቲ ትጥቀምሉ ናይ መውዓዪ ሲስተም፣ ከምኒ ናይ ማይ መውዓዪ ከምኡውን ካልእ ናይ ጋዝ፣ ዘይቲ፣ ወይ ፈሓም መንደዲ እትጥቀምሉ መሳርሒታት ኩሉ ብቕዓት ብዘለዎ ተክኒሻን ዓመታዊ ከም ዝምርመር ምግባር።
- ኣብ ገዛኹም ብባተሪ ዝሰርሕ ናይ CO ሓባሪ ኣእትዉ ደሓር ኩሉ ግዜ ጽድያ ወይ ሓጋይ ኮይኑ ሰዓታት ናይ መዓልቲ ክትቕይሩ ከለኹም ነቲ ባተሪ መርመርዎ ወይ ቀይርዎ። እቲ ናይ CO ሓባሪ: ድምጺ ምስ ዝገብር: ካብቲ ገዛ ወጺእኩም ቀልጢፍኩም 911 ደውሉ።
- ምምራዝ ተጌሩ ኣሎ ኢልኩም እንተደኣ ጠርጢርኩም እሞ ርስኹም እንተደኣ ዜርኩም፣ ጭርውርው እንተደኣ ኢልኩም፣ ወይድማ ዕግርግር እንተደኣ ኢልኩም ብቑልጡፍ ናብ ሓኪም ኪዱ።
- ጀነሬተር፣ ናይ ፈሓም መጥበሲ፣ እቶን፣ ወይውን ካልእ ብበንዚን ወይ ብፈሓም ዝነድድ መሳርሒ ኣብ ውሽጢ ገዛኹም፣ ኣብ ትሕቲ መሬት ዘሎ ክፍልኹም ወይ ጋራጅኩም፣ ወይድማ ኣብ ጥቓ መስኮት ብሙኳን ኣይትጠቀሙ።
- እቲ ማዕጾ ዋላ እኳ ተኸፊቱ እንተሎ: ኣብ ውሽጢ ምስ ገዛኩም ልጉብ ዝኮነ ጋራጅ ኮንኩም ናይ ንእሽቶ ወይ ናይ ዓባይ መኪና ሞተረ ኣይተልዕሉ።
- ዝኾነ ይኹን ነገር: ኣየር ኣብ ዘይኣትወሉ እቶን ወይ ናይ ሓዊ መንደዲ ኣይተንድዱ።
- ገዛኹም ብናይ ጋዝ እቶን ጌርኩም ከተሙቑ ከይትፍትኑ።
- ጀነሬተር፣ ብጸቕጢ እትሰርሕ ሓጻቢት ማሽን፣ ወይድማ ዝኾነ ካብ መስኮት፣ ማዕጾ፣ ወይ መተንፈሲ ካብ 20 ጫማ ዝትሕት ብጋዞሊን ዝሰርሕ ኢንጂን ኣይትጠቐሙ።

National Center for Environmental Health
Division of Environmental Hazards and Health Effects

CS283134-D August 29, 2017